# ንስኺ‘ውን ዓመት?!

ንስኺ‘ውን ዶ ክትጽውዒ ዓመት
ብፍቕዲ ደቓይቕ ብዕለታት ትእመት

ዓመተ ክሕደት ደኣ፣ እከይ ዝዓሰላ
ሰይጣን ብተንኮል ሰብ ዝተደመመላ

ዓመት ሕሶት ደኣ፣ ዓመተ በሰላ
ወቓዒ ከም ጭጉራፍ ተጠሊዑ ዘእወየላ

ዓመተ ሲኦል ደኣ፣ ዓመተ መከራ
ሞት ዝበረኸታ፣ ሕንዛም ደሞትራ

እምበር መዘና-ኣልቦ፣ ዓመተ ጥልመት ደኣ
ዝተጋሃደሉ ዓለም ስንፍናኣ

ሕዝበይ ደም ነቢዑ
ሰላሙ ተመንዚዑ

እቱ ቐትሩ ጸልሚቱ
ክብሩ ተዘሚቱ

ሬሳ ሰብ ሪኺሱ
ፈቐዶ ተነስኒሱ

ክብረት ደናግል ተጋሂሱ
ግፍዒ መሊኡ ፈሲሱ

እወ!

ንስኺስ ኣይዓመትን
ኣይ‘ከም መሳቱኺን።

ብኣንጻሩ ግና!

ዓመተ ጽንዓት‘ውን፣ ዓመተ-መስተንክር
ንብዓት ‘ተሓበሰላ፣ ዓመተ-ተኣምር

ክንዮው‘ቲ ሓዘን ክንዮው‘ቲ መረረት
ትብዓት ኣሓንጊጣ መዓንጣ ዘእሰረት
ካብ ጻት ናብ ጻት ዓለም፣ ንግፉዕ ዘሕበረት
ርትዒ ልዕሊ ግፍዒ፣ ምኧኑ ዘምሃረት

እወ!

ንስኺስ ኣይዓመትን
ኣይ‘ከም መሳቱኺን።

© ኪሮስ ብርሃነ (ጥቅምቲ ፳፻፲)